## ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፍን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበርን፡ ኣብ ዋዕላ ኣምነስቲ ।ንተርናሽናል ተሳቲፎም

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
12.11.2009

ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝብን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበርን፡ ብ7 ሕዳር 2009፡ ኣብ ሳንፍራንሲስኮ፡ ካሊፎርንያ፡ ኣብ ዝተጋብኤ ዞባዊ ዋዕላ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ብምስታፍ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰል ኣቃሊሑ።

ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፣ ኣባል ዓንኬል ወጻኢ ጉዳያትን፡ ወካሊት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ወይዘሮ ኣስገደት ምሕረትኣብ፤ ከምኡውን፡ ኣቶ ፍስሃየ ሓጎስ፡ ኣባል ኣካያዲ ቦርድ ናይ’ቲ ብ“ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር (ኤ.ደ.ማ.)” ዝፍለጥ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቕ መኽሰብ-ኣልቦ ማሕበር፡ ኣብቲ ዋዕላ ተሳቲፎም ነበሩ።




ኣምነስቲ ኢንተርናሽናልን ዩ.ኤስ.ኣይ (Amnesti International USA) እተባህለ፡ ዓለም-ለኻዊ ናይ ሰብኣዊ-መሰላት ተጣባቒ ማሕበር፡ ናይ 2009 ዓ.ም ምዕራባዊ ዞባዊ ዋዕላኡ፡ ካብ 6 ክሳብ 8 ሕዳር ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ ኣካይዱ። ናይዚ ዓመት’ዚ ዋዕላኡ ኣብ ትሕቲ “ሓራን ማዕረን ምስ ክብርን መሰልን” ዝብል መርሆ ኢዩ ተኻይዱ። ኣጀንዳ ናይቲ ዋዕላ፡ ንሰብኣዊ መሰል ዝነጥፉ ተጣበቕቲ ብተወፋይነት ክንቀሳቐሱ ዘኽእሎም ትሕዝቶን ዓቕምን ክብ ንምባልን፣ ንጥፈታቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡ ውጹዓት፡ ህጹጽ ረድኤቶም ዝዝርግሕሉ ስሉጥ ባይታ ንምፍጣርን ዘተኰረ ነይሩ። ደቂ-ሰብ ሰብኣዊ መሰሎም ምእንቲ ክፈልጡ ምንቕቓሕ፡ ቀንዲ ዕላማን ዕማምን ናይ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ኣብ መላእ ዓለም ኢዩ። እዚ ድማ፡ ካብ ውልቀ-ሰባት ብዘይ ፍትሒ ዝእሰሩን ንሞት ዝፍረዱን፡ ብሰንኪ ብልሽውናን ድሕረትን ኣብ ድኽነትን ኣብ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋን ዝተሳጥሑ

ኣህዛብን፤ ክሳብ ብልዕልና ሕጊ ዘይኣምኑ መለኾቲ መንግስታት፡ ዝፍጽምዎ ሰብኣዊ ግህሰታትን ጭቈናን ንምቅዋምን ምቅላስን የጠቓልል።

ኤርትራዊ ሓባራዊ ልኡኽ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ መጋባእያታት ብምስታፍ፡ ምስ ዝተፈላለልዩ ትካላት ናይቲ ማሕበር ክላለዩን ዝምድናታት ክፈጥሩን ኣብ ልዕሊ ምኽኣሎም፤ ኣብቲ ዝተኻየደ ክፉት ምይይጥ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ወሪዱዎ ዘሎ ሓሳረ መከራን ንተሳተፍቲ ኣብሪሆምን ንዝቐረበሎም ሕቶታት መሊሶምን። ናይ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ኣህጉራዊ ራእይ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ዘትኮረ መጋባእያ፡ ብሓለፍቲ ዓለም ለኸ ኣምነስቲ ዝቐረበ መደረ ንጉዳይ ኤርትራ እውን ዘጠቓለለ ነበረ። ኣብዚ መጋባእያ'ዚ፡ ልኡኽና በብተራ መንነቶም ድሕሪ ምልላይን፡ ብዛዕባ ኤርትራ መብርሂ ድሕሪ ምሃብን፡ ጉዳይ ኤርትራን ኣብ ሃገርና ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታትን፡ ኣምነስቲ ብዝያዳ ኣትኩሮ ክገብረሉ ተወከሰ። እቶም ሓለፍቲ ብምሉኦም ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ኵነታት ኣጸቢቖም ከምዝፈልጡን፣ ኤርትራ፡ ካብተን ብቐዳምነት ዝሰርዕወንን ህጹጽ ኣቓልቦ ሂቦም ዝሰርሑለንን ዘለዋ ሃገራት ምኻና ውን ሓቢሮም።



ኣብዚ መጋባእያ'ዚ፡ ምስ ፈጻሚ ዳይረክተር ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ላሪ ኮክስ፣ ምስ ጉዳይ ስደተኛታት ኣወሃሃዲ፡ ፕሮፌሶር ጆ፡ ዋትኪንስ፣ ምስ ኣቦ መንበር ቦርድ ኣምነስቲ ׀ንተርናሽናል፡ ሕ.መ.ኣ. ጀፍ ባኽመን፤ ከምኡውን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ፍሉይ ተገዳስነት፡ ዘለዎም ዞባዊ ሓለፍቲ፡ ናይ ሳይንስ ተመራማሪ ሳምሱን ቱን፡ ኣቶ ብርሃነ ገብረንጉስን፡ ፍሉይ ርኽክባት ብምክያድ፡ ቀጻልነት ዝምድናታት ከረጋግጽ ዝኽእል ሓባራዊ ምርድዳእ በጺሖም።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ብፍሉይ ዝርአ፡ ኣገዳሲ ዕዮ ድማ፡ ኣቶ ብርሃነ ገብረንጉስ ምስ ናይ ዝቐመጡሉ ከተማ ጉጅለ ኣምነስቲ ኰይኖም ስእልን መግለጽን ናይ እሱር ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ኣሰንዮም፡ ንተሳተፍቲ ዋዕላ ይሕብሩን ኤርትራውያን እሱራት ናይ ምፍታሕ ጠለብ የፈርሙን ምንባሮም፡ ንጉዳይ ኤርትራ ካብ ዘቃልሐ ኣገዳሲ ተርኽቦ ነበረ፡። ኣባል ሲቪካዊ ማሕበር ሲድሪ ዝኾኑ ኣቶ ብርሃነ ምስ ልኡኻት ሰልፊ ህዝብን፡ ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮን ወኪል ኤ.ደ.ማ.ን ብሓባር ኣብቲ ኣኼባታት ብምስታፍ፡ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን ጭቆናን ዘስዓቦ ስደትን ውርደትን ኣቃሊዖም። ኣቓልቦን ረድኤትን ናይ ዓለም-ለኸ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር ክቀላጠፍ እውን ተማሕጺኖም።